# ሓድሽ ሓገዝ ንመግዝኢ መነጸር

## – ሕቶን መልስን



ካብ 1 መጋቢት ኣትሒዙ ሓድሽ ሕጊ ኪሰርሕ ጀሚሩ’ሎ። እዚ ማለት ከኣ: ካብ 8-19 ዓመት ዝዕድመኦም ቈልዑን መንእሰያትን ከይተረፉ ንጥርሙዝ-መነጸር ወይ ንሌንስ ዚኸውን ሓገዝ መሰል ኣሎዎም ማለት’ዩ።

2ይ ሕታም: 2016-06-10

### 1. እዚ ዚወሃብ ሓገዝ ካብ መዓስ ይጅምር?

እቲ ሕጊ ካብ 1 መጋቢት 2016 ኣትሒዙ ይጅምር። ነፍሲወከፍ ላንድስቲን ወይ ዞባ: ተገዚኡ ንዝመጸ ጥርሙዝ-መነጸር ወይ ሌንስ ዚኸውን ሓገዝ ኪኸፍል ኣለዎ። ማለትድሕሪ1 መጋቢት።

### 2. ኣየኖት ሕግታት’ዮም ኣብ ቬስተርኖርላንድ ዚሰርሑ?

- እቲ ሓገዝ **እንተ ዛየደ** 900 ክሮኖር/ንዓመት ኣቢሉ ይበጽሕ። ዋጋ ጥርሙዝ-መነጸር ወይ ሌንስ **ትሑት** እንተ ኾይኑ ነቲ ዚኸፈል ልክዕ ገንዘብ ሓገዝ ይወሃብ።
- ተወሳኺ ዚኽፈል ወጻኢ እንተሎ: ንኣብነት ንለዓት መነጸር: ንመዕረዪ: ንመትረሪ: ንመልከዩ ሕብርን ንጸረ-ሪፍለክስ ዚግበሩ ወጻእታት ባዕልኻ ኢኻ ትሸፍኖ።
- ንዝተሰብረ: ዝተበላሸወ ወይ ንዝጠፍአ መነጸር ወይ ሌንስ: ወይከኣ ንመሐለውታ ዚግዛእ መነጸር ወይ ኮንታክት-ሌንስ ሓገዝ ኣይወሃብን’ዩ።

### 3. መን’ዩ ሓገዝ ዚረክብ: ብኸመይ ኣገባብ’ከ ይትግበር?

እዚ ሓድሽ ሕጊ: ካብ 8-19 ዓመት ንዝዕድመኦም ቈልዑን መንእሰያትን ይምልከት። እቶም ካብ’ዚኦም ዚንእሱ ቈልዑ ብቐደሞም መሰል ሓገዝ ኣሎዎም። ንጥርሙዝ-መነጸር ወይ ኮንታክት-ሌንስ ሓገዝ ንምርካብ ምስ ኪኢላ መነጸር-ዓይኒ ቈጸራ ይግበር። መነጸር ወይ ሌንስ ዘድሊ እንተ ኾይኑ እቲ ኪኢላ መነጸር ዓይኒ ይውስን። ዚሰማማዕ ጥርሙዝ-መነጸር ወይ ሌንስ ይፍተን፤ እቲ ኪኢላ መነጸር ዓይኒ ከኣ ወረቐት (መኣዘዚ) ይህብ። እቲ መኣዘዚ ወረቐት: ምስቲ ኪኢላ መነጸር ዓይኒ ናብ ላንድስቲን ዚሰዶ መመርኮሲ ፋክቱራ ይተሓሓዝ።

### 4. እቲ ሓገዝ ብምንታይ መልክዕ ይወሃብ?

ዋጋ ኪኽፈል ከሎ: እቲ ኪኢላ መነጸር ዓይኒ መጠን ድምር ናይቲ ዚወሃብ ሓገዝ ካብቲ ዋጋ ቀኒሱ: ናብ ቬስተርኖርላንድ ላንድስቲን ከም ፋክቱራ ይሰዶ።

### 3. ገዚእካ ከተብቅዕ: ድሒርካ ሓገዝ ምሕታት ይከኣል’ዶ?

እቶም ድሕሪ 1 መጋቢት 2016 ንቈልዑን ንመንእሰያትን ዚኸውን መነጸር-ዓይኒ ወይ ሌንስ ድሮ ገዚኦም ዘውጽኡ: ድሒሮም ሓገዝ ኪሓቱ ይኽእሉ’ዮም። ኣብ መርበብ ኢንተርነት www.lvn.se ነዚ ዘገልግል ”መሰጋገሪ ቅጥዒ” (övergångsblankett) ዚበሃል ቅጥዒ’ሎ። ምስ’ዚ ቅጥዒ: ዝኸፈልካሉ ቅብሊት (ክቪቶ) ከምኡ’ውን: መኣዘዚ ወረቐት(ረሰፕት)/ናይ ኪኢላ መነጸር ዓይኒ መዘከር ተሰንዩ ይስደድ። ብድሕር’ዚ: ብመሰረት ኣብቲ ቅጥዒ ዘሎ ኣድራሻ: ነዚ ኵሉ ሓበሬታ ናብ “Landstingservice Ekonomi” ትሰዶ።

### 5. ብዛዕባ ንውልቆም ዝመጹ ሓተትቲ ዕቑባ ቈልዑ: ከምኡ’ውን ሓተትቲ ዕቑባን ዘይተሰነዱ (papperslösa) መንእሰያትን’ከ እቲ ሕጊ እንታይ ይብል?

ኵላቶም ቈልዑን መንእሰያን ሓደ መሰል ሓገዝ ኣሎዎም፤ እዚ ማለት ከኣ: እዚ ሓድሽ ሕጊ ንዐኦም’ውን ይምልከት’ዩ ማለት’ዩ። ሓተትቲ ዕቑባ ናይ ኤለማ-ካርዶም (LMA-kort) ቍጽሪ ይሕብሩ፤ ንውልቆም ዝመጹ ሓተትቲ ዕቑባ ቈልዑን: ዘይተሰነዱን ከኣ ዕለተ-ልደቶም ይሕብሩ።

ቤ/ጽ ላንድስቲን ክፍሊ ኣገልግሎት ጥዕና

Region Västernorrland